Tigrinya

# <u>ቅልጡፍ ምርመራ ዝገበርኩዎ ኣዎንታዊ/ፖዚቲቭ ኮይኑ - ሕጂ እንታይ ክጥንቀቕ ኣለኒ ?</u>
# <u>(ኩነታት፡ 14.03.2022 )</u>

- ናይ ኮረና ሕግታት በብእዋኑ ይቅያየሩ ኢዮም። ስለዚ ነቲ ሓቀኛ ሓበሬታ ምሉእ ውሕስና የብሉን።
- እንተድኣ ሕቶ ኣልዩኩም በዚ ዝስዕብ ስልኪ ቍጽሪ ክትድውሉ ይከኣል።
  ኮረና ሆት ላይን ጀርመን ( ኣብ ሉድቪክስቦርግ) ስ.ቍ. 07141 / 144 69400



**ስለምንታይ እየ ኣነ ንኮረና ዝከላኸል ?**
- ደቂ ሰባት ይሕሙ ስለዘለው ።
- ደቂ ሰባት ኣብ ነንሕድሕዶም ብኮረና ይላገቡ ስለዘለው።
- ገለ ሰባት ብርቱዕ ስለዝሓሙን ወይውን ይሞቱን ብምህላዎም።

**ምልክት ኮረና (ምልክት ሕማም) ?**
*ንምሳሌ ሰዓል፡ ጸረርታ ማይን ናይ ርእሲ ሕማምን፡ ሙቐት ኣካላት፡ ድኻም ሓይሊ፡ ኣልቦ መቐሬት፡ ኣልቦ ምሽታት ፡ ምስዝህልወካ/ኪ ገለ ገለ ሰባት ኣየስተውዕሉሉን እዮም ፡*

**ኣንቲገን ምርመራን ፐሰኤር ምርመራን ኣብ ሓደ ናይ መመርመሪ ቦታ ኣካይዶ**
1. እቲ ቅልጡፍ መርመራ ኣብ ገዛ ዝገበርካዮ ኣዎንታዊ/ፖዚትቭ ምስዝኸውን → ቀልጢፍካ ኣንቲገን ምርመራ ወይ ፐሰኤር ምርመራ ኣብ → መመርመሪ ቦታ ብምኻድ ወይ ከኣ ኣብ ሓኪም ብምኻድ ኣተግብሮ → እንተድኣ ኣዎንታዊ/ፖዚትቭ ኮይኑ ኣብ ገዛ ተወሸብ።
2. እንተድኣ ኣንቲገን ምርመራ ኣብ ቤት ትምህርቲ / መውዓሊ ሕጻናት ኣዎንታዊ/ፖዚትቭ ኮይኑ → ብህጹጽ ተወሸብ → ናይ ግድን ሓደ → ፐሰኢር ምርመራ ኣብ መመርመሪ ቦታ ኬድካ ግበር፡ ኣንቲገን ምርመራ ምግባር እኹል ኣይኮነን ⍰ ኣብ ገዛ ተወሸብ !

ናይ ውሽባ ምስክርነት ካብ ላንድራትስኣምት ሉድቪክስቦርግ ክለኣኽልካ/ኪ እዩ።

**ውሽባ**
*ካብ ገዛ ኣይትውጻእ ! በጻሒ ናብ ገዛኻ ኣይፍቀድን ! ማስከ ውደዮ፡ ውሽጢ ገዛኻ ብዙሕ ንፋስ ኣእትወሉ፡ ርሕቀት ምስ ጎረባብትኻ/ኺ ግበር፡ ዝበለጸ ኣብ ፍሉይ ክፍሊ ሃሉ/ሃልዩ ፡ ጽቡቕ ጌርካ/ኪ መምከኒ ተጠቐም ( ብዝያዳ ኣብ ክሽነን ባኞን)*

**ምናልባት ንካልኦት ሰባት ( ናይ ቀረባ ርክብ ምሳኻ ዘለዎም ሰባት ) ኣተሓላሊፍካሎም ትኸውን ?**
ነቶም ኣብ ዝሓለፈ ውሑድ መዓልታት ቀረባ ርክብ ምሳኻ/ኺ ዘነበሮም ሰባት ህጹጽ ምርመራ ክገብሩ ንገሮም።
እቶም ናይ ቀረባ ርክብ ምሳኻ/ኺ ዘለዎም ሰባት፡
- ምሳኻ/ኺ ኣብ ሓደ መንበሪ ክፍሊ/ገዛ ዝቕመጡ እንተኾኑ።
- ምሳኻ/ኺ ብዘይ ገለ ርሕቀት ብዘይ ገለ ማስከ ካብ 10 ደቃይቕ ዝጸንሑ ምስዝኾኑ።
- ንሳቶም ብዘይ ርሕቀትን ብዘይ ማስከን ምሳኻ/ኺ ተዛሪቦም ወይውን ተሰዓዒሞም/ተሓቛቚፎም/ሠላም ተበሃሂሎም ምስዝኾኑ።
- ንሳቶም ምሳኻ/ኺ ማስከ ወዲኹም ብሓደ ኣብ ሕማቕ ንፋስ ዘይብሉ ቦታ ካብ 10 ደቃይቕ ንላዕሊ እንተኔርኩም።

**ተመልከት፡** ኣብ ቤት ትምህርቲ ፍሉይ ሕጊ ኣሎ።

| *ሕግታት ውሸባ፡* | *ውሸባ ንዝተበከሉ ሰባት።*  | *ጥቡቕ ርክብ ዘለዎም ሰባት ግዴታ ውሸባ ይምልከቶም።*  | **ጥቡቕ ርክብ ዘለዎም ሰባት እንተድኣ ዝኾነ ምልክት ሕማም ዘይብሎም ናይ ውሸባ ግዴታ የብሎምን።**  |
|---|---|---|---|
| ***ዓበይቲ/ዓቕመ ኣዳምን ሄዋንን ዝበጽሑ*** | ተኽእሎ፡ ድሕሪ 7 መዓልቲ ኣንቲገን ምርመራ ወይ ፐሰኤር ምርመራ ኣብ ሓደ መመርመሪ ቦታ ኬድካ ምምርማር።* | *ተኽእሎ፡ ድሕሪ 7 መዓልቲ ኣንቲገን ምርመራ ወይ ፐሰኤር ምርመራ ኣብ ሓደ መመርመሪ ቦታ ኬድካ ምምርማር።*** | • ሓድሽ ድርብ ዝተኸትቡ ሰባት(እንተድኣ እቲ ካልኣይ ክትባት 3 ወርሒ ዘየሕሊፉ)<br>• መሐየሊ ንክታበት ሰባት(ሠለስተ ክታበት ዝተኸትቡ)<br>• ሓዲሽ ዝጠዓየ/ዝሓወየ ሰብ (እንተድኣ እቲ ሕማም ካብ ሠለስተ ወርሒ ንታሕቲ ኮይኑ) |
| **ዓበይቲ/ዓቕመ ኣዳምን ሄዋንን ዝበጽሑ** | ተኽእሎ፡ ድሕሪ 7 መዓልቲ ኣንቲገን ምርመራ ወይ ፐሰኤር ምርመራ ኣብ ሓደ መመርመሪ ቦታ ኬድካ ምምርማር።* | *ተኽእሎ፡ ድሕሪ 5 መዓልቲ ኣንቲገን ምርመራ ወይ ፐሰኤር ምርመራ ኣብ ሓደ መመርመሪ ቦታ ኬድካ ምምርማር።*** | |
| ***ብዘይ ገለ ነጻ ምርመራ.*** | *10 መዓልቲ ምውሻብ* | *10 መዓልቲ ምውሻብ* | |

***...** እንተድኣ ኣብዚ እዋን ናይ ምርመራ ንብውሕዱ 48 ሰዓታት ነጻ ካብ ዝኾነ ምልክታት ኮንካ

*ድሕሪ ናይ ነጻ ምርመራ ምኪያድ ነቲ ውጽኢት ብውሑዱ ን 5 መዓልታት ምሳኻ/ኺ ሒዝኩምዎ ትጸንሑ።.*

**ድሕሪ ናይ ነጻ ምርመራ ምኪያድ ነቲ ውጽኢት ብውሑዱ ን 5 መዓልታት ምሳኻ/ኺ ሒዝኩምዎ ትጸንሑ።.**

https://sozialministerium.baden-wuerttemberg.de/de/gesundheit-pflege/gesundheitsschutz/infektionsschutz-hygiene/informationen-zu-coronavirus/informationen-in-mehreren-sprachen/

https://www.integrationsbeauftragte.de/ib-de/staatsministerin/corona

*ኣሰናደውቲ ፡ ኣስትሪድ ክሩገር-ሄለር (ቢት ጽሕፈት ኣብያተ ትምህርቲ ከተማ ሉድቪክስቦርግ) ከምኡ'ውን ማርኩስ ሸሚት (ንምዕባለ ዕብየት ቦታ ኣብ ወረዳ ሉድቪክስቦርግ) ትርጉም ብ ኣንገሦም ገብረዮሓንስ።*